# ልዕሊ ናጽነት እንታይ ኣሎ ዝመቀረ !

*ዘካርያስ ተስፋጽዮን ማንሃይም*

*ናጽነት እጉሚ ዕምበባ መርዓት*
*ተመዚዛ ዝወጸት ካብ እሾኽ መዓት*
*ፍትሕን ርትዕን ትህቢ ተስፋ ንውጹዓት*
*ዋላ እንተ ወሰድኪ ህይወት ሽደናት ኮንዓት*
*መጢኺ ራህዋ ደስታ ተድላ ንውጹዓት ፡*

*እወ ንስኺ ኣንቲ ናጽነት*
*ብብልሕን መጕረብን ትርከብ*
*ኣጻድፍን ተኹርባን ሰጊርካ እትእከብ*
*እወ ! ናጽነት ብሓጐስን እልልታን እትኽብከብ ፡*

*ጽላል ኩሉ ድራር ኩሉ*
*ክብረት ኩሉ እፎይታይ ኩሉ*
*ንዓኺ ንምርካብ ክንደይ ላዕልን ታሕትን ዘይበሉ*
*ተዓቲርኪ ናጽነት ደቂ ርስቲ ይደብሉ ፡*

*እቶም ዝደኸሙ ደኺምና ከይበሉ*
*እቶም ዝዓረቑ ዓሪቕና ከይበሉ*
*ንሕሰምን ሽግርን ዓጺቕን እናኸኣሉ*
*ካባ ሕፍረት ኣልቢሶም ጸራሪጎምዎም ንዘሸካዕለሉ*
*ግዲ ኣይትሃብዮም እንተ ኣድሃዩ ከም ደባሉ ፡*

*ኣጆኹም ኣጆና !*
*ተተጊሩ'ዩ ኣጻድፍ ኩርባ*
*ተተጊሩ'ዩ እምባ ምስ ተኹርባ*
*ትማል ኣፈሙዝ ዘሪፍና ብእምኒ ብዱርባ*
*ጭራእን ደጉለን ተዓዚረን ብጉቦ ዝዘቕበባ*
*ስኒ ይነኽስ ከም በጊሓት ተሰጊሩ እዩ ጸበባ*
*ተገዲድና ኢና ይብላ ኣለዋ እተን ዝማዕቀባ ፡*

*ስኽፍታ ሰጊርናዮ ኢና*
*ድቕድቕ ጸላም ዛጊ ሰጊርና*
*ናጽነት ጸሓይ እንሆ በሪሁልና*
*ኮተቶ ጓል 19 ዓመት ናጽነት ነብዕል እኔና ፡*

*ርግኣት ህድኣት እንሆ ሰፊኑ*
*መንፈስ ደቂ ኤረ ረጊኡ እኖመ ይሕበኑ*
*ኣብ ምልክና ተዳንዮም ዝሕበኑ*
*ብቅልጽምና ተረቲዖም እቶም ዝፋነኑ*
*ኤረይ ደቅኺ ዓንቲሮም ኮይኖም ጆጋኑ ፡*

*ንዓልለላ ንናጽነት ብግዳም ብቤት*
*ኣብ መስገደል ጸዊዶዎ ንጸላኢ እቲ ሓየት*
*ኣብ ኣፍደገ ድንነቱ ትጽበ ኣላ ዘ.እውየት*
*ብተስፋ ትጽበ ኣላ ምብራቕ እፎይታ ስርየት*

*<u>ንኢጋጣሚ በልናጽነት ዝተደርሰት ብኣቶ ዘካርያስ ተስፋጽዮን ማንሃይም ጀርመን ፡</u>*

ብራኢኡ ንዓለም ሽቡን ጉቡን የእቲላ እዚ ሓየት ፡

ዓቕምና ሰሲኑ ሳላ ፍረ ሳዋ
ሰናይ ትተኽል ሻርነት ንምሓዋ
ዓቓቕት ኅሲማ ይዝውሕ እዩ ሃዋ
ትሽዓቲኣን ኣለዋ ካብ ሓንቲ ልቢ ይጠብዋ ፡

ኮንዲ ናጽነት ደሪሱ ተቓላሳይ ተሞጊሱ
ክውንቲ ገይርዋ ንናጽነት ገድሊ ተተርኢሱ
ፋና ብርሃን ክሰፍን እዩ ዋራይ ተዓጊሱ
ርቱዕ ብመንፈሱ መዓስ ርኢና ተሓጕሹ
ሃለልቲ'ውን ርግኡ ገጽኩም ዕተቡ ተመለሱ ፡

ልዕሊ ናጽነት እንታይ ኣሎ ጸጋ !
ናጽነትና ዓቲርና ካብ ናይ ኣናብስ መንጋጋ
ናጽነት ትማና ክቡር እዩ ናታ ዋጋ
ስቡሓት ጮማ ይውረድ ሓኸለ ምስ መሓግሓጋ ፡

ኣጆኹም ኣጆና ክብ ለጠቕ ናተይ ዕድመ
ኣበይ ተሪኡ ዝሞተ ንዓለም ዝደገመ
ሽቶና ወቒዕና ዋላውን እንተ ደንጒ ሓሰመ
ታሪኽ ክትርኾ'ዩ ዕዮ ቤቱ ዘይዓመመ
ልዕሊ ናጽነት ሓርነት ኣሎ ዝጠዓመ

ዓወት ንሓፋሽ

ዘካርያስ ተስፋጽዮን ማንሃይም ጀርመን ፡

<u>ንኢጋጣሚ በልናጽነት ዝተደርሰት ብኣቶ ዘካርያስ ተስፋጽዮን ማንሃይም ጀርመን ፡</u>